# ዓለም-ለኻዊ ምንቅስቓስ ይኣክል ኤርትራውያን

## ደምዳሚ ኣዋጅ

04 መስከረም 2022

# ደምዳሚ ኣዋጅ ካልኣይ ጉባኤ ዓለም-ለኻዊ ምንቕስቃስ ይኣክል ኤርትራውያን

ካልኣይ ጉባኤ ዓለም-ለኻዊ ምንቅስቓስ ይኣክል ኤርትራውያን፡ ***"ሽቶና ከወቅዕ ውዳበና ነበርትዕ"*** ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ካብ ዕለት 2 መስከረም ክሳብ 4 መስከረም 2022 ዝተኻየደ ጉባኤ ብዓወት ተዛዚሙ።

ከምዝዝከር፡ መሰረታዊ መበገሲ ምንቅስቓስ ይኣክል፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ህላወ ህዝቢ ኤርትራ ብስርዓት ህግደፍ ተኣዊጁ ዘሎ ናይ ጽንተት ኣገባብ፡ ብኩለንትንኡ ብምብዳህ፡ ሃገራዊ ክብርን ልዑላውነትን ምውሓስን ምርግጋጽ ህዝባውነትን ግዝኣተ-ሕጊ ኣብ ኤርትራን ምዃኑ ርዱእ'ዩ። ስለዝኾነ''ውን፡ ከምቲ ብማዕበል ህዝቢ "ይኣክል" ኢሉ ብሓባር ዝተለዓለ፡ ዓለም-ለኻዊ ምንቅስቃስ ይኣክል ኤርትራውያን ነዚ ቅዱስ ተልእኾ ንምዕዋት ብንጥፈት ክሰርሕ፡ ክቓለስን ከቓልስን ምዃኑ ደጊሙ ኣብዚ ጉባኤ ኣረጋጊጹ። ።

ኣብ'ዚ ጉባኤ'ዚ፡ ወከልቲ 11 ባይቶታት ይኣክል ሃገራት፡ ማለት ካናዳ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ፈረንሳ፡ ኢጣልያ፡ ስዊዘርላንድ፡ ጀርመን፡ ደንማርክ፡ ሽወደን፡ ደቡብ ኣፍሪቓን ኣውስትራልያን ተሳቲፎም። እዚ ሓድሽ ባይቶ ከም ፋልማይ ዕማሙ፡ ካብቶም ዝጸንሑ ናይ ስራሕ ሰነዳት፡ ክመሓየሹ ኣለዎም ዝበሎም ዓንቀጻት ዓንዲ-ሕጊ ምንቅስቓስ ይኣክል፡ ናይ ጽምዶ ሰነዳትን መርሓ-ጐደናን መርሚሩን ኣጽዲቑን።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዘካየዶም ዕማማትን ከይድን ድሕሪ ምግምጋም፡ ብመሰረት ዝተዳለወ ናይ ምርጫ ቅጥዕን ኣገባብን፡ ካብ ውሽጢ ወከልቲ ባይቶ 10 ኣባላት ዘለዋ ፈጻሚት ኣካል መሪጹ። ኣብዚ ካልኣይ ጉባኤ፡ ዝተፈላለዩ ፖለቲካውያን ውድባትን ምንቅስቓሳትን፡ ሲቪካዊ ማሕበራት፡ ስነ-ጥበባውያን፡ ነጠፍቲ መድያን ገዳይም ተቓለስትን፡ ናይ ደገፍ መልእኽቲ ኣስሚዖም። እዚ ብማንዛ ዝተኻየደ ጉባኤ፡ ብማሕበራዊ ሜድያ'ውን ብቀጥታ ንህዝቢ ተመሓላሊፉ እዩ።

ነዚ መሰረት ብምግባር፡ ወከልቲ ዓለም-ለኻዊ ምንቅስቓስ ይኣክል ኤርትራውያን፡ ጸብጻብን ገምጋምን ድሕሪ ምቕራቡን ዝተፈላለዩ ሕቶትታትን ርእይቶታትን ድሕሪ ምስማዕን፡ ነዞም ዝስዕቡ፡ ንህሉዉ ኩነታት ሃገርና ከባቢናን፡ ንመጻኢ ዕማማት ምንቅስቓስ ይኣክል ብግቡእ መርገጽታቱ ዘነጽሩ ነጥብታትን ውሳኔታትን ኣሕሊፉ።

1. ባይቶ ካብ ዝቐረበሉ ገምጋምን ሕጽረታትን ብምብጋስ፡ እዚ ተወጢኑ ዘሎ መደባት ብግቡእ ንምስላጥ፡ ምድልዳል ትካላት፡ ምውህሃድ ስራሓት ትካላትን ቀጻሊ ምክትታልን ከምዘድሊ ብምግንዛብ፡ ኣብዚ መዳይ`ዚ ኣበርቲዕካ ክስረሓሉ ከምዘለዎ ነቲ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ዝተመርጸ ሓድሽ መሪሕነት ሓላፍነት ኣሰኪሙ።

2. ህዝቢ ዝመሰረቱ ሰፊሕ ጥርናፈ፡ ዋሕስ ቃልስና ምዃኑ ብምእማን፡ እዚ ካብ ባይቶታት ከተማታት፡ ናብ ደረጃ ሃገር፡ ካብ ደረጃ ሃገር ድማ ናብ ዓለም-ለኻዊ ምንቕስቃስ ይኣክል ኤርትራውያን በጺሑ ዘሎ ኣገዳሲ ከይዲ ብምቕጻል፡



©www.eriyiakl.com
@2022

ድምጺ ህዝቢ ክኸውንን ንረብሓ ህዝብን ሃገርን ዝቃለስን ኮይኑ እቲ ዝጸንሖ ጻዕርታቱ ከበርትዖ ምዃኑ መብጸዓኡ እናሕደሰ ንኩሉ ዜጋ'ውን ሱታፌኡ ከዕዝዝ ይምሕጸን።

3. ኣብ ነፍስ-ወከፍ ከተማታት ዝርከብ ጥርናፈ ህዝቢ ይኣክል፡ ቀንዲ መሰረትን ዓንድን ስለዝኾነ፡ ንንጥፈታት ከተማታት፡ ከሕይል፡ ብፍላይ መንእሰያትን ደቂ-ኣንስትዮን ንቃልሲ ይኣክል ክዓስልዎን፡ ክመርሕዎን ዓቢ ትጽቢት ከምዘለዎ ተገንዚቦም፡ ጻዕሮም ከዕዝዙ፡ ምስ መሰረታት ሰፊሕ ናይ ጕስጓስን ውደባን መደባት ኣብ ዝሓጸረ እዋን ክጅመር ይላቦ።

4. ጉባኤ፡ ብዙሕነትን ተሳታፍነትን ኩሉ ኤርትራዊ ኣብ መስርሕ ቃልሲ ምውሓስን፡ ዋንነት ህዝቢ ምርግጋጽን ኣብ ቃልስና ዓቢ ተራ ከምዘለዎ፡ ብዝግባእ ተገንዚቡ፡ ንኩሉ ብድሆታት ናይ ብዙሕነት ብምጽውዋርን ብምክብባርን እናሰገረ፡ ምንቅስቓስ ይኣክል ካብዚ ዘሎዎ ብዝሰፍሐ፡ ተሳትፎ ህዝቢ ዘኣንግድ ናይ ቃልሲ መኣዲ ክኸውን እቲ ዝግባእ ጻዕሪ ከምዘካይድ የረጋግጽ።

5. ዓለም-ለኻዊ ምንቕስቃስ ይኣክል ኤርትራውያን ንኩሎም ናይ ደለይቲ ፍትሒ ተቓለስቲ ውዳበታትን ፖለቲካዉያን ውድባትን ምንቅስቓሳትን ሰብ-ብርክን፡ ዘለናዮ ህጹጽ መድረኽ ተገንዚቦም ጻዕሮም ከበርትዑ ጻውዒቱ እናቕረበ ከም ናይ ቃልሲ መዛኑን መሻርኽትን ምዃኖም ብምእማን፡ ኣብ ግብራዊ ስርሓት ዝተሞርኮሰ ውዕልን ምትሕብባርን ብምግባር፡ ንቕድሚት ብሓድነት ዘሰጉም ሃገራዊ ሓይሊ ኣብ ዝሓጸረ ክምስረትን ይጽውዕ።

6. ኣብ ዲፕሎማስያዊ መድረኽ፡ ምውሓስ ልዑላውነት ሃገር ቅድሚ ኩሉ ናይ ኤርትራውያን ዕዮ-ገዛ ምዃኑ ብምእማን፡ ምስ ዝኾነ ይኹን ሓይልታት ዘባናን ካልኦትን ዝፍጠር ዝምድና ልዑላውነት ሃገርና ህዝብናን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘየእቱን፣ ሕጋውን ታሪኻውን ውዕላት ዘኽብርን ክኸውን የስምረሉ። ስለዚ'ውን ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብናን ካልኦት ህዝብታትን ሰፍ ዘይብል ገበናት ዝፈጸመን ዝፍጽም ዘሎን ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ክቃላዕን ቅቡልነቱ ክወድቕን ክሰዓርን፡ ምስ ኩሎም ናይ ዲፕሎማሲ ተመክሮን ዓቕምን ዘለዎም ኤርትራውያን ብምትሕብባር፡ ጽዑቕ ዲፕሎማስያዊ ስርሓት ክዕመምን ምስ መንግስታትን ዞባውያን ሓይልታትን ዝምድና ኣብ ምፍጣር ክዓዪ ከምዝግባእን ኣስሚሩሉ።

7. ጉዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ዝኾነ ቦታን እዋንን ብዕቱብ ክርአን፡ ብፍላይ እቶም ብሰንኪ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዝተኸፍተ ኲናት፡ ኣብ ሓደጋ ወዲቖም ዘለው፡ ውሕስነቶም ክረጋገጽ፡ ክሳብ ናብ ሳልሳይ ውሑስ ሃገር ዝግዕዝሉ መስርሓት ክናደየሎም ዓለም-ለኻዊ ምንቅስቓስ ይኣክል ኤርትራውያን፡ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝጀመሮን ክሰርሓሉ ዝጸንሖን፡ ሕጂ'ውን ደጊሙ ብንጥፈትን ብዕቱብነትን ክሰርሓሉ ምዃኑ እናረጋገጸ፡ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ኩሉ ኤርትራዊ እጃሙ ከበርክት ድማ ይጽውዕ።


©www.eriyiakl.com
@2022

8. ኣገዳስነት መጻኢ ሰላም፡ ርግኣት፡ ናይ ሓባር ዕብየትን ረብሓን ኤርትራን ህዝባን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ ሰናይ ጉርብትና ዝተመስረተ ምዕሩይ ዝምድና ምፍጣርን ብምግንዛብ፡ እቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተወልዐ ኲናት ኣብ ሰብን ንብረትን ዘኸተሎን ዘኸትሎ ዘሎን ጥፍኣትን ዕንወትን ምዃናን ቅኑዕ ውሳኔ ምንባሩ ጉባኤ ኣዘኻኺሩ። እዚ ኲናት'ዚ ኣብ ህዝብና ዘስዓቦ ዘይምርግጋእን ኣብ መንእሰያትናን ስደተኛታት ዜጋታትናን ዘኸተሎ ህልቂትን ምምዝባልን፡ ውጺኢት ናይቲ ስርዓት ህግደፍ ዝተኸተሎ ናይ ጽልኢ፡ ቅርሕንትን ዘይሕጋዊ ምትእትታውን ዘንቐሎ ዓንዳሪ ፖሊሲ ምዃኑ ኣነጺሩ።

9. ዓለም-ለኻዊ ምንቅስቓስ ይኣክል ኤርትራውያን እዚ ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ዝርከቡ መንእሰያት፡ ነቲ ብህግደፍ ኣብ ደገ ዝግበር ናይ ጽልእን ኲናትን ጐስጓስ ንምዃናን ዘርኣይዎ መኸተን ምልዕዓልን እናተባብዐ፡ እዚ ብናዕቢ ተበጊሱ ዘሎ ፍኑው ኣገባብ ቃልሲ፡ ሕጋውን ስሩዕን ዝኾነ ናቱ ውዳቤታት ፈጢሩ ክቕጽል ድማ ደጊሙ ይጽውዕን ኣድላዪ ውዳበታት ኣብ ምፍጣር ብኹሉ ዓቕምታቱ ክተሓጋገዝ ምዃኑ የረጋግጽን።

10. ኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ውሽጢ ሕብረተ-ሰብ ዘለወን ጽልዋን ኣብ ሕሉፍ ቃልሲ ዝተጻወትኦ ተራን ብምግንዛብ ኣብዚ ወሳኒ ናይ ቃልሲ መድረኽ'ውን ዕዙዝን ታሪኻውን ኣበርክቶኣን ክገብራ ዓለም-ለኻዊ ምንቅስቓስ ይኣክል ኤርትራውያን ይጽውዕ።

ኣብ መወዳእታ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንዘፍቐራ ሃገሩ ብዙሕ ዝኸፈለ ምዃኑ ብምግንዛብ፡ እዚ ዘሎናዮ መድረኽ ካብ ምንዳይ ፍትሒ ናብ ሕቶ ምድሓን ህላወ ሃገር ህዝብን ዝተሰጋገረን፡ ሓንሳብን ንሓዋሩን ግቡእ መልሲ ዘድልዮ ከቢድን ወሳንን እዋን ምዃኑ ዓለም-ለኻዊ ምንቕስቃስ ይኣክል ኤርትራውያን ኣድቂቑ ይግንዘብ። ስለዚ'ውን ኲልና ኤርትራውያን፡ ዝግባእ መስዋእትነት ከፊልና፡ ሃገርን ህዝብን ከነድሕን፡ ንኹሉ ብሃገሩን ህዝቡን ዝሓምም ኤርትራዊ ተሳትፍነቱ ከዕዝዝ ጻዋዒት የቕርብ።

*"ሽቶና ክወቅዕ ውዳበና ነበርትዕ!"*

*ህዝባውነት! ጽምዶ! ሓደ ጻላኢ!*

*ኤርትራን ህዝባን ንዘልኣለም ይንበሩ!*

*04 መስከረም 2022*



©www.eriyiakl.com
@2022